## ናይ ሓዘን መግለጺ፣



ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደ.ግ.ሓ.ኤ/ ሎሚ መዓልቲ 14 ጥሪ 2017 ገዲም ሓርበኛ ተጋዳላይ ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም ኣቦ-መንበር ፈጻሚ-ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዝሓደሮ ሕማም ምስውኡ ምስ ሰምዐ መሪር ሓዘን ተሰሚዕዎ።

ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም ካብ ዕድመ ንእስነቱ ኣትሒዙ ልዑል ሃገራዊ ፍቕሪ ዝነበሮ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ትምህርቱ እናተኸታተለ እንከሎ ኣብ መስርዕ ቃልሲ መጀመርያ ኣብ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ /ሓረካ/ ቀጺሉ ካኣ ኣብ ኤውሮጳ ትምህርቱ እናተኻታተለ እንከሎ ኣብ ምንቅስቓስ ማሕበር ተማሃሮ ኣብ ተ.ሓ.ኤ ተወዲቡ ንጡፍ ተርኡ ዝጻወት ዘነበረ ሓርበኛ ተቓላሳይ እዩ ነይሩ።

ኣብ 1975 ኣብ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ናይ ተ.ሓ.ኤ ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ኮይኑ ምስ ተመረጸ'ውን ኣብ ወጻኢ ኣብ ዲፕሎማስያውን ሰብኣውን ስራሓት ተዋፊሩ ደኺመ ከይበለ ብቀጻሊ ዝረባረብ ዝነበረ ተቓላሳይ እዩ ነይሩ። ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ድሕሪ'ቲ ኣብ ውሽጣ ዘጋጠመ ምፍልላይ ኣብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ኣባል መሪሕነት፡ ኣብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣባል መሪሕነትን ፈጻሚትን ቀጺሉ ክሳብ ግዜ መስዋእቱ ካኣ ናይ ቅድሚኡ ዝሓለፉ ጀጋኑ ስዉኣት ሓርበኛታት ተቓለስቲ መራሕቲ፡ ኢዮብ ብስራት፡ ኣሕመድ መሓመድ ናስር፡ ዶ/ር በየነ ኪዳነን ሕድሪ ኩሎም ከለኦት  ስዉኣትን ኣኽቢሩ ብጽንዓት ክቃለስ ካብ ዝጸንሑ ሓርበኛታት መራሕቲ ሰውራ ኤርትራ ሓደ እዩ።

ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም ንደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ኣብ ሓደ ግንባር ንምጥርናፍ ኣብ ዝካየዱ ዝነበሩ ቃልስታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ምምስራት ኤርትራዊ ደሞክራስዊ ኪዳንን ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶን ንደሞክራስያዊ ለውጢ ካኣ ብፍላይ ናቱ  ኣወንታዊ ተራ ዝነበሮ ኮይኑ፡ ክሳብ ግዜ መስዋእቱ ካኣ ኣብ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣባል መሪሕነት ኮይኑ ክቃለስ ዝጸንሐ ሓርበኛ እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ውድባውን ግንባራውን ስራሓት ተመዲቡ ክቃለስ እንከሎ ከምዚ ዝኣመሰለ ልሉይ ናይ ኣመራርሓ ተራ ዝነበሮ ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም፡ ኣብዚ ሕጂ ሃገርና ኣብ ናይ ብርሰትን ምብትታንን ሓደጋ ኣንጸላልይዋ ኣብ ዘሎ እዋን ብመስዋእቲ ምፍላዩ ንደምበ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዓቢ ጉድኣት እዩ።

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ /ደ.ግ.ሓ.ኤ/ ብመስዋእቲ ገዲም ሓርበኛ ተቓላሳይ ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም መሪር ሓዘን እናተሰመዖ፡ ንመላእ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ይኹኑ ተቓለስቲ ንደሞክራስያዊ ለውጥን መላእ ስድራቤቱን ኣዕርኽቱን ጽንዓት ይሃብኩም ይብል።

**መስዋእቲ ብጻይና ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም መሊሱ ከሐርነና እንተዘይኮይኑ ኣየጕድመናን እዩ!!**

**ውድቀት ንጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ!!**

**ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስዉኣትና!!**

**ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ፡**

**14 ጥሪ 2017**